ÖRNSKÖLDSVIKS KOMMUN

Välfärdsförvaltningen

አርንሸልድስቪክስ ኮሚዩን

ምምሕዳር ብልጽግና



# ቁጠባዊ ረዲኤት

## መናበዩ ደገፍን ሂወትካ ምምራሕን ብሓፈሻ

### ዝዓሞቐ ሓበሬታ/ናይ ምዝርራብ ደገፍ

## መሰል ንቁጠባዊ ሓገዝ (Bistånd)

ኩላቶም ኣብዚ ኮሚዩን ዝቕመጡ ብካልእ መልክዕ ንዝእ ርእሶም ክናብዩ ዘይክእሉ ቁጠባዊ ሓገዝ ናይ ምርካእ መሰል ኣለዎም። እቲ ሓገዝ ኣድላዪነቱ ተራእዩ ብ ሂዩማኒስቲስክ ነምንደን ዝወሃብ ሓገዝ ኢዩ።

**"4 ዓንቀጽ መሰል ንቁጠባዊ ሓገዝ**

**1 §** እቲ ባዕሉ ወይ ብካልእ መልክዕ ድልየቱ ክማልእ ዘይክእል ካብ ክፍሊ ምምሕዳር ህዝቢ ንርእሱ ንምንባይን (መናበዪ ደገፍ = försöjningsstöd) ሂወቱ ንምምራሕን ቁጠባዊ ሓገዝ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ።"

## ከተማልእ ዝግበኣካ?

ብቁጠባ ርእስኻ ክትናቢ ዝከኣለካ ክትገብርን ግዝያዊ ቁጠባዊ ጸገማትካ ክትፈትሕ ግዴታኻ ኢዩ።

ስራሕ ኣልቦ እንተኾንካ፡ ንጡፍ ደላዪ ስራሕ ክምዝኾንካ ዘርኢ ውልቃዊ መደብ መድለዪ ስራሕ ካብ መራኽቢ ስራሕን ሰራሕተኛን ከተርኢ ይግበኣካ።

ካብ ኩለን እተን ቁጠባዊ ሓገዝ ንክህባኻ መሰል ዘለካ መንግስታዊያን ትካላት ሓገዝ ክትሓትት ይግበኣካ። ንኣብነት፡ ኣ-ካሳ፡ ኣልፋ፡ ንክራይ ገዛ ዝወሃብ ቁጠባዊ ሓገዝ ፡ ወዘተ።

ንመናበዪኻ ዝኸውን ቁጠባዊ ደገፍ ኣብ እትሓተሉ ግዜ፡ኣታዊታትካን ወጻኢታትካን ዘርኢ ሰነዳት ከተቕርብ ይግበኣካ። ንኣብነት፡
ናይ ደሞዝ፡ ወርሓዊን ዓመታዊን ክፍሊት ቀረጽ።ናይ ክራይ ገዛ ውዕል፡ ወርሓዊ ክፍሊት ክራይ ገዛ፡ ክራይ ገዛ ዝኸፈልካሉ ቅብሊት፡ መድሕን ገዛ፡ ቅብሊት ናይ መዋእለ ህጻናት፡ ክፍሊት ንማሕበር ሰራሕተኛታት ከምኡውን ኣብ ግዜ ሕማም ከምዝሓመምካ ምስክር ወረቀት።

## ክንደይ ዝኣክል ገንዘብ ኢዩ ዝፍቀደካ?

በቲ ሕጊ ማሕበረሰብ ኩሉ ሰብ ርትዓዊ ብዝኾነ ቁጠባዊ ሂወት ክነብር መሰል ኣሎዎ። ርትዓዊነት ቁጠባ ብናይ መላእ ሃገር ገምጋም ዝተጸነዐ ኢዩ። ንዓኻ ዝወሃበካ ገንዘብ፡ ብዝሒ ስድራ ቤትካ፡ ንክራይ ገዛ እትኽፍሎ፡ ዕድመ ደቅኻን ተራኢዩ ኢዩ ዝወሃበካ። እቲ ዝወሃበካ ገንዘብ; እቲ ድሕሪ ግብሪ ምኽፋልካ ዝረኽብካዮ ገንዘብ ካብቲ ብጺሒትካ ኢልና ዝጸብጸብናዮ ገንዘብ ኣጉዲልና ኢና ንህበካ።

## ኣታዊታትካ ነቲ ዝወሃበካ ቁጠባዊ ሓገዝ

ካብቲ ዝግበኣካ ድምር ገንዘብ፡ እቲ ድሕሪ ግብሪ ምክፋልካ ዝረኸብካዮ ገንዘብ ክጎድሎ ኢዩ። ንኣብነት፡
* ኣ-ካሳ/ኣልፋ (A-kassa/ALFA)
* ንመዕበዪ ቁልዑ ዝወሃበካ ገንዘብ/ንብዙሓት ቁልዑት ተወሳኺ ገንዘብ
* ንክራይ ገዛ ዝወሃበካ ሓገዝ/ናይ ዝሓለፈ ተጸብጺቡ ዝተኸፍለካ
* ንኣቦ/ንኣደ ቁልዑ ዝኽፈል ገንዘብ
* ዓመታዊ ወለድ/መድሕን
* ደሞዝ/ብሓደ እዋን ዝኽፈለካ ጻማ
* ጥሮታ/ናይ ሕማም ካሕሳ/ንጥፈታዊ ካሕሳ (aktivitetsersättning)
* ኣብ ግዜ ሕማም ዝኽፈለካ
* ካብ ክፍሊት ግብሪ ዝተመለሰካ
* ናይ ተማሃራይ ዝተፈላለዩ ደገፋት
* ወርሓዊ ዝኽፈለካ መዕበዪ ቁልዓ ሓገዝ (underhållsbidrag)
* መዕበዪ ቁልዓ ሓገዝ ገንዘብ (underhållstöd)/መመላእታ ሓገዝ ገንዘብ (utfyllnadsbidrag)
* ንጥፈታዊ ደገፍ (aktivitetsstöd)
* ናይ ኣላዪ ሕሙም ድገፍ (ግብሪ ዝኽፈሎ)
* ካብ ኣፋ (AFA)፡ ኤስፔቪ (SPV)፡ ኮፓኣ (KPA) ካሕሳ

## እቲ ቁጠባዊ ደገፍ ንምንታይ ይኣክል?

**ቁጠባዊ ደገፍ ነዚኣቶም ክሸፍን ኣለዎ፡**

| | | |
|---|---|---|
| * ቀለብ | * ክዳውንትን ሳእኒታትን | * መሳለጥያታት |
| * መጻወትን ዕረፍቲ ግዜን | * ንጥዕናን ክንክንን | * ጋዜጣ |
| * ናይቴሌፎን | * ናይ ቴሌቪዥን ክፍሊት | * ንመንበሪ ገዛ |
| * ኤሌትሪክ | * ናብ ስራሕ ጉዕዞ | * መድሕን ገዛ |
| * ኣ-ካሳ | * ናይ ማሕበር ሰራሕተኛታት ክፍሊት | * መድሕን ቁልዓ |

እቲ ንመናበዪ ዝወሃበካ ቁጠባዊ ደገፍ ነቶምኣብ ዓመት ስሕት ኢሎም ዝመጹ ክፍሊታት ከይተረፈ ዝሸፍን ኢዩ። ንኣብነት፡ ናይ ቴሌፎንን መጺሄታትን

## ቁጠባዊ ሓገዝ ሂወትካ ንምምራሕ

ኣብ ፍሉይ ኩነታት ንመናበዪ ቁልዓ፡ መነጽር ዓይኒ፡ ክንክን ኣስናን፡ ሕክምና፡ መድሃኒት፡ ኣቑሑት፡ ወዘተ ብቑዕ ምኽንያት እንተተረኺቡ ቁጠባዊ ረዲኤት ይፍቀደካ ኢዩ።

ብተወሳኺ፡ ንዓኻ/ንዓኺ/ንዓኻትኩም ወይ ንቈልዑት ዘድሊ እንተሃሊዩ ተወሳኺ ሓገዝ ክሕተት ይከኣል ኢዩ።

## ዝተፈልየ ሕጊ ኣቈጻጽራ -ንስራሕ ምንቕቓሕ (JOBBSTIMULANS)

ዕላማ ናይ ንስራሕ ምንቕቓሕ፡ ሰሪሕካ ረብሓ ንኽርከቦ ወይ ቁጠባዊ ሓገዝ ምስዝርብ ነቲ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክብ ንምባል ኢዩ ።
እቲ ንሸዱሽተ ኣዋርሕ ብቀጻሊ መናበዪ ደገፍ እናረኸበ ዝተኻየደ ሰብ፡ ቁጠባዊ ሓገዝ ኣብ ዝሓተሉ ግዜ 25፥(ሚእታዊት) ናይ ደሞዙ ኣብ ጸብጻብ ከይኣተወ ቁጠባዊ ሓገዝ ይረከብ። እዚ ዓይነት ኣጸባጽባ ንክልተ ዓመታት ይሰርሕ። ብድሕሪኡ  ንሽዱሽተ ኣዋርሕ ብቀጻሊ መናበዪ ደገፍ ብምርካብ ምስተኻየደ፡
እቲ ፍሉይ ኣጸባጽባ ሕጊ ከምበሓድሽ ንክልተ ዓመት ይጅምር ማለት ኢዩ።
ኣርንሸልድስቪክ ኮሚዩን ትሕቲ 25 ዓመት ንዝኾኑ መንእሰያት ፍልይ ዝበለ " ንስራሕ ምንቅቃሕ" መደብ ወሲኑ ኣሎ። እዚ ካብታ ዘመልትካላ መዓልቲ ዝጅምር ኮይኑ፡ 2000 ኮሮና ናይቲ ደሞዝካ ኣብቲ ዝግበር ጸብጻብ ናይ መናበዪ ደገፍ ኣይኣቱን ኢዩ።

### ኣብ ናይ ስራሕ ልምምድ ክትካፈል ጸቕጢ ክንገብርልካ ንኽእል ኢና

መናበዪ ደገፍ ንኽትረክብ ኣብ ናይ ስራሕ ምልምማድ ወይ ሞያዊ ክእለትካ ዘማሓይሽ ንጥፈታት ንኽትካፈል ጸቕጢ ክንገብረልካ ንኽእል ኢና። ባዕልኻ ቀዋሚ ስራሕ ወይ መለማመዲን መተኣታተዊን ተባሂሎም ዝተዳለዉ ንጥፈታት ኸትረክብ ጸቅጢ ንገብረልካ ኢና።

መለማመዲ ስራሕ ሞያዊ ክእለትካ ዘደንፍዕን ስራሕ ንኽትረክብ ዓቢ ዕድል ዝህብን ክኸውን ኣለዎ።
ድልየትካን ክእለትካን ድሕሪ ምግምጋም ኢና ናብ መለማመዲ ስራሕ ወይ ናብ ሞያዊ ክእለትካ መደንፍዒ ሓበሬታ ንህበካ። ቅቡል ብዘይኮነ ምኽንያት ኣብቲ ናይ መለማመዲ ስራሕ ወይ ሞያዊ ክእለትካ መደንፍዒ ምክፋል ምስእትኣቢ፡ እቲ ዝወሃበካ ናይ መናበዪ ደገፍ ገንዘብ ክጎድል ወይ ብሙሉኡ ክሳሓብ ይኽእል ኢዩ።

## ዝተዋሃበካ ገንዘብ ምምላስ

እቲ ዝሃብናካ ናይ ገንዘብ ሓገዝ ክትመልሶ ጸቕጢ ክንገብረልካ ንኽእል ኢና።
ንኣብነት፡ እቲ ገንዘብ ክወሃበካ እንከሎ ክትመልሶ ተነጊሩካ እንተነይሩ ወይ ገለ ካብዞም ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሮም ዘለዉ ምኽንያታት፡
* እቶትካ ወይ ካሕሳኻ ብገለ ምኽንያት እንተተዳናጉዩ
* ኣብ ስራሕካ ብገለ ግርጭት ምኽንያት ገንዘብካ እንተተሳሒቡ
* ክትመልሶ ዝተሰማማዕካሉ ገንዘብ እንተነይሩ
* ብዘይተማልኡን ሓቀኛ ብዘይኮኑ ሓበሬታታት ዝተኸፍለ ገንዘብ
* ብጌጋ ዝተዋህበ ወይ ኣጻቢቑ ብዙሕ ገንዘብ

## ኣገባብ መስርሕ ቁጥባዊ ሓገዝ ምስእትሓትት

**ብልክዕ ዝተመለአ ቀጥዒ ይለኣኽ**

↓

**መጽናዕቲ ምክያድን**
**መደብ ስራሕን**

↓

**ጸብጻብ:**
**ልሙድ ድምር ዝኀደሎ እቶት**

↓

**ውሳኔ:**
**ይቕበል ወይ ይንጸግ**

↓

**ምስ ምቕባል:**
**ክፍሊት**

### ካልኦት ዓይነታት ቁጠባዊ ሓገዛት

ካብ ኮሚዩን ዝወሃበካ ቁጠባዊ ሓገዛት ንመናበዪ–ደገፍ ዝኸውን ጥራሕ ኣይኮነን። ንዝተፈላለዩ ነገራት ዝምልከት፡ ከም ንኽንክን ጥዕናን ካልእ ዓይነት ማሕበራዊ ኣገልግሎት፡ ንኣብነት፡ ብዛዕባ ቁጠባ ምኽሪ ንምርካብ፡ ንጽሬት ገዛ፡ ንተሓባባሪ ሰብ ወይ ናብ ናይ ጥዕና ክንክን ትካል ንምኻድ።

### ሓባራዊ ስምምዕ ሓበሬታ ንምቁጽጻር

ቁጠባዊ–ደገፍ ኣድላይነቱ ተመርሚሩ ዝወሃብ ስለዝኾነ ንዓኻ ስጋብ ክንደይ ደገፍ ከምዘድልየካ መጽናዕቲ ክካየድ ኢዩ። ኣብቲ ናይ መመልከቲ ቀጥዒ ክታምካ ብምስፋር ኣብቶም ዝምልከቶም ትካላት ብዛዕባኻ ክንሓትት ክትፈቕደልና ኣለካ። ብዘይ ናትካ ፍቓድ ንዝኾነ ትካል ብዛዕባኻ ኣይንሓትትን ኢና።

### ይግባይ ክትብል ትኽእል ኢኻ

መናበዪ ደገፍ ወይ ቁጠባዊ ሓገዝ ሓቲትካ እንተተነጺግካ ይግባይ ናይ ምባል መሰል ኣለካ።

ብዛዕባ መናበዪ–ደገፍን ቁጠባዊ ሓገዝን ብኸምይ ከምዝፍቀድ ከምኡውን ነቲ ዝተነጸግካዮ ብከመይ ይግባይ ከምዝበሃልን ካብቲ ሓላፍነትካ ዝወሰደ በዓል መዚ ሓበሬታ ክትረክብ ትክእል ኢኻ።

### ኣተሓሕዛ ናትካ ውልቃዊ ሓበሬታ

ህዝባዊ ምምሕዳር ሓበሬታ ናይ ውልቀ ሰባት ብሓገዝ ኮምፒዩተርን/ሓበሬታ ቴክኒክን ኢዩ ዝረክብ።
እቶም ሓበሬታታት ድማ እዞም ዝስዕቡ ኢዮም፡ ስም፡ ብሕታዊ መለለዪ ቁጽሪ፡ ኣድራሻ፡ ብዛዕባኻ ብማሕበራዊ ጉዳያት ዝተኻየዱ መጽናዕቲታትን ውሳኔታትን፡ ምዝጉባት ዝተገበሩልካ ሓገዛትን እቶታትካን ከምኡውን ሓበሬታታት ብዛዕባ ጥዕናን ኣድላዪ እንተኮይኑ ንመጽናዕትን ንጥዕና ብዝምልከትን ኢዮም።

### ምስጢር ፡ ዝሰማዕካዮ ናይ ምዕቋር

ምሳና ክትዘራረብ ከሎኻ ብናይ ምስጢር ምሓዝ ሕጊ ዝተወሓስካ ኢኻ።

እዚ ማለት፡ኩላቶም ሰራሕተኛታት ዝሰምዕዎ ናይ ምዕቋርን፡ እቲ ንስኻ እትህበና ሓበሬታታትን እቲ ኣብ ኣኼባ ዝተዘራረብናዮ ነገራት ንዘይምልከቶም ሰባት ኣይንገርን ኢዩ።

<u>ናይ መራኸቢ ሓበሬታታት</u>

ሓላፍነትካ ዝወሰደ በዓል መዚ ……………………………………………

ናይ ቦስጣ ኣድራሻ …………………..…………………………………

ቁጽሪ ቴሌፎን ………………………………………………………..

ናይ ምድዋል ግዜ ………………..…………………………………….

**<u>እቲ ባዕሉ ወይ ብካልእ መልክዕ ድልየቱ ከማልእ ዘይክእል</u>**

” እቲ ባዕሉ ወይ ብካልእ መልክዕ ድልየቱ ከማልእ ዘይክእል
ካብ ማሕበራዊ ቤት ጽሕፈት ንርእሱ ንምንባይን ሂወቱ ንምምራሕን
ቁጠባዊ ሓገዝ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ።”4 ዓንቀጽ 1 §.”

” ማሕበራዊ ቤት ጽሕፈት፡ እቲ ንገለ እዋን ቁጠባዊ ደገፍ ዝረኸበ ሰብ
ባዕሉ ስራሕ ክረክብ እንተዘይክኢሉ፡ ኣብተን እንሕብሮ መለማመዲ
ስራሕ ወይ ሞያኡ ዝድንፍዓሉ ትካላት ክካፈል ጸቒጢ ክንገብረሉ ኢና ”

**አርንሽልድስቪክስ ኮሚዩን**

ÖRNSKÖLDSVIKS KOMMUN